ክፍለ ከተማ ሓድነት ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ንናይ ቤት ፅሕፈት ፋይናንስ ግልጋሎት ዝውዕል መኪና መለዋወጢ ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ክዕድግ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሰነ 1, 2018 (ቅድሚ 5 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 4, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 4, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

ዕለት 01/10/2018 ዓ/ም

ቁፅሪ ..ዕ/ንብ/ምም/ክ/ከ/ሓ/18

ናይ ፕሮፎርማ ምልክታ ቁፅሪ 017

ክፍለ ከተማ ሓድነት ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ንናይ ቤት ፅሕፈት ፋይናንስ ግልጋሎት ዝውዕል መኪና መለዋወጢ ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቂሓታት ተማልኡ ንክትወዳደሩ ይዕድም።

ናይ ተጫረቲ መምርሒ ፦ ተጫረቲ /ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዝግባእ፦

1. በቲ ዘርፍ ዝተሓደሰ ንግዲ ፈቃድ ናይ 2018 ዓ/ም፤ናይ ግብሪ ከፋላይ ሰርተፊኬት(ቲን)፤ ናይ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ መቅረባይነት ዘለዎ፤እንትኾን እቲ መረዳእታ ምስቲ ፕሮፎርማ ኮፒ ብምትሕሓዝ ብፖስታ ኣሺጉ ዋጋ ዝመልኡ ኣካል ፊርማን ማህተምን ስ/ቁፅሪ ክገብረሉ ይግባእ፤ ስርዝ ድልዝ ዘለዎ ዋጋ ፈርማ ክኣርፈሉ ይግባእ ።ፈርማ ዝየብሉ ነፀላ ዋጋ ውድቂ ይከውን።

2. ፕሮፎርማ ዝቀርበሉ ዕለት እቲ ምልክታ ካብ ዝወፀአሉ ዕለት 01/10/2018 ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 04/10/2018 ዓ.ም ልክዕ ሰዓት 3፣30 ተዓፂዩ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ክፍለ ከተማ ሓድነት ቁፅሪ 22/2ይ ደብሪ በቲ ዕለት 04/10/2018 ዓ/ም ልክዕ ስዓት 4፣00 ንጎሆ ይክፈት።

3. እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ ኣማራፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ ።

4. ተወዳደርቲ ወይ ከዓ ወኪላቶም ብዘይ ምርካቦም ከይተኽፈተ ዝምለስ ሰነድ ፕሮፎርማ ኣይሕሊን

5. ኣብ መንጎ መቅረባይን ቤት ፅሕፈትን መቅረባይ ዝሃቦ ናይ ዋጋ መግለፂ ከም ውዕሊ ኮይኑ የገልግል።

6. ዋጋ ፀንዑ ዝፀንዐሉ ፕሮፎርማ ካብ ዝተኽፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን7 መዓልቲ ይኽውን

7. ዝሰዓረ ተወዳደራይ ናይ ዝስዓሮ ዓይነት ንብረት ደብዳቤ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ኣብ 3ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሎም መጎዓዚ ኣታዊ ክገብሩ ኣለዎ።
8. ኣድራሻና ቅሳነት ቤት ትምህርቲ ቅድሚ ምብፃሓካ ዝርከብ ኮይኑ ንተወሳኺ ሓበሬታ ስልኪ ቁፅሪ 0913200951 ወይም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

0987313391

ት/ፋ/ክ/ከ/ሓድነት ሞዴል ቢሾፍቱ መኪና ፕሮፎርማ ዋጋ መምልዒ

ታ.ቁ	ዓይነት ንብረት	መግለፂ	መዕቀኒ	በዝሒ	ነ/ዋጋ	ጠ/ዋጋ	መብርሂ
1	ራዲያተር	ኦርጅናል	ቁፅሪ	1			
2	ስታርተር	ኦርጅናል	ቁፅሪ	1			
3	ዋይፐር ዲናሞ	ኦርጅናል	ቁፅሪ	1			
4	ዋይፐር ብሌድ	ኦርጅናል	ቁፅሪ	1			

ዋጋ ዝመልኦ ኣካል ሽም.

ዕለት.

ፊርማ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle